# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.16 | ሰሉስ 19 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ቅድመ-በጺሕ ናጽላ - Premature birth

ገጽ 3
ፍሽለት ዓቢ ውዲት - ዝፈጠሮ ዕብዳን


ገጽ 4
ዕላል ምስ ስነ-ጥበበኛ ሰሎሞን ድረር


ገጽ 5
"ወግዒ ምስ ጥበብ ቀዳሞት"


ገጽ 7
ውድድር ሓይልታት ምክልኻል




# ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ጉጅለ-77 ተሳቲፉ

ብቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣምባሳደር ሶፊያ ተስፋማርያም ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኩባ ኣብ ዘአንገደቶ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ጉጅሉ-77 ተሳቲፉ።

እቲ ብ15ን 16ን መስከረም ኣብ ሃቫና - ርእሲ ከተማ ኩባ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ "ህልው ብድሆታት ልምዓትን ተራ ሳይንስ፡ ቴክኖሎጂን ምህዞን" ብዝብል ቴማ እዩ ተኻዪዱ።

ኣብቲ ዋዕላ ናብ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ዝሃበ ቃል ኤርትራ፡ ሳይንስ፡ ቴክኖሎጂን ምህዞን እቲ ቀንዲ ደራኺ ሓይሊ ንማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ፡ ቁጠባዊ ዕቤትን ኢንዱስትሪያዊ ብልጽግናን ከምዝኾኑ ታሪኽ ከምዝሕብር፡ እንተኾኑ ግን ዘይምዕሩይን ዘይፍትሓውን ዓለማዊ ስርዓት፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ባህጎን ከየሰምራ ዓንቂጽወን ከምዝሎ ኣብሪሁ።

ኤርትራ፡ ዘላቒ ምዕባለን ቀጠባዊ ዕቤትን ንምርግጋጽ፡ ኣገዳስነት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ምህዞን ኣጉዲሲ ምኽንያቱ ጽንዕ እምነት ከምዘለዋ፡ ምህዞ ወፍሪ ናይ ኩሉም መሻርኽቲ ከምዝሓትት፡ ሳይንስን ድማ ፖሊሲታት ንምንዳፍን ቅኑዕ ውሳኔታት ንምውሳድን ኣዝዩ ኣገዳሲ እናኾነ ምምጽኡ ዝጠቐሰ'ቲ መግለጺ፡ ንኤርትራ ቀንዲ መፍትሒ ምህዞ ትምህርቲ ምዃኑ፡ መንግስቲ ድማ ኣብዚ መዳይ'ዚ ብዕቱብ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ ኣስፊሩ።

ሓባራዊ ቁጠባዊ ረብሓ ሃገራት ደቡባዊ ንፍቀ-ክቢ ንምስጓም ኣብ 1964 ዝተመስረተ ጉጅለ-77፡ ኣብዚ እዋን'ዚ 134 ሃገራት ዝጥርነፉ ኰይኑ፡ 80 ሚእታዊት ካብ መላእ ህዝቢ ዓለም ይጥርነፉ።




# ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ዘዕግብ ኣገልግሎት ንምሃብ ይሰርሕ

ኣብ ኤርትራ ሕጋዊ ወኪል ጃፓናውያን ኩባንያታት መፍረ መካይን - ቶዮታ፡ ኮማትሱን ያማሃን ዝኾኑ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ሞያዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ብምዕባይ ዘዕግብ ኣገልግሎት ንምሃብ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ኩባንያ ኣቶ ግርማይ ኣብርሃ፡ ካብ 1997 ኣትሒዙ ምኩርነትም ናይ ዝወቕልወን ትካላት ዘሰልጥን ማእከል ብምድኳን፡ ኣብ ምሕደራ ዓቕሚ ሰብ፡ መቐያየሪ ኣቕሑ፡ ቤት-ዕዮ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቴክኒካዊ መዳይ ኣተኩሩ ስልጠናታት ክህብ ከምዝጸንሐ ሓቢሩ።

ከም ወጽኢት ናይ'ዚ፡ ኣብ መላእ ዓለም ተቐባልነት ዘለዎ ወረቐት ምስክር ዝሓዙን ዘመናውያን ተሽከርከርቲ ናይ ምጽጋን ብቕዓት ዘማልኡን ሞያውያን ብምፍራይ፡ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገልግሎት ንምሃብ ዘኽእል ዓቕሚን ፍልጠትን ተጠርዩ ከምዘሎ ገሊጹ።

ዝተበጽሐ ቴክኖሎጂ ናብ ትካላት መንግስትን ኩባንያታትን ንምትሕልላፍ እውን ንመማህራን ኮሌጃት፡ ቴክኒሻናት፡ መራሕቲ መካይንን ገፊፍቲ ዓሳን ስልጠናታት ከም እተዋህበን ወጽኢታዊ ኮይኑ ከምዝረኸበን፡ ኣቶ ግርማይ ኣረጋጊጹ።

ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር፡ 'ሰናር' ዝርእሱ ኣብ ድሕነትን ኣጠቓቕማን ተሽከርከርቲ ዝተኮረ ክልተ ሰሙናዊ መደብ፡ ካብ ወርሒ መስከረም 2018 ጀሚሩ ብመንገዲ ኣገልግሎት ቴለቪዥን ኤርትራ ንፈነው ከምዝጸንሐ ጠቒሱ።

ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዋ መካይን እተን 65 ሚእታዊት ስርሓት ኩባንያ ቶዮታ ምዃነን ዝሓበረ ሓላፊ ክፍሊ መቐያየሪ ኣቑሑ ኣቶ ሰሎሞን ነጋሽ ብወገኑ፡ ዝኢ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ትካሎም ዝተፈላለየ መቐያየሪ ኣቕሑ ብቐጻሊ ከምዘእቱ ገሊጹ።



# ዓዲ-ቐይሕ - ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ሰሚናር ተዋሂብዎም

ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ንዝርከቡ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ብሕታዊ ትካላት ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ሰሚናር፡ ሓላፊ ዕዮ ኣቶ ረዘ ወልደኣማኑኤል፡ ኣብ ኣገዳስነት ድልዱል ዝምድና ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን፡ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት፡ ረብሓ ወዕል ስራሕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጸፈታትን ስሉጥነትን ኣገልግሎት ብሰፊሑ ኣረዲኡ።

ኢንስፔክተር ዕዮ ኣቶ ደስበለ ሓጎስ እውን፡ ሰራሕተኛ ክላቦ ብዝሓ ዘለዎ ባህርያትን ሱምግጥርን መብርሂ ሂቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ፡ ንምግቢ ከየኽበርካ ዝርከብ መኽሰብን ዕቤትን ከምዘየለ ብምምልካት፡ ኣብ ዘኾኑ ይኹን ትካል ንምግቢ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ስራሕ ክድፋኣሉ ኣተሓሳሰበ።

# ወነንቲ ሞቶር-ብሽክሌታ ስልጠና ተዋሂቡዎም

ኣብ ኣስመራ፡ ን90 ወነንቲ ሞቶር-ብሽክሌታ፡ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጸርጊያ ብሓፈሻ ኣብ ኣገዳስነት ምኽባር ሕግታት ድማ ብፍላይ - ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና ተዋሂቡ።

እቲ ኣካል "ቁጠዕ ድሕነት/ካስኮ ንህይወት!" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዓለም ዝኻየድ ወፍሪ ዝኾነ ትምህርቲ፡ ብምትሕብባር ኩባንያ 'ቶታል ሼር ካምፓኒ ኤርትራ' ምስ ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጸርጊያ ኤርትራን ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከልን ዝተወደበ እዩ።

ብ16 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ ቶታል ኣብ ኤርትራ ሚስተር ቻርለስ ዲዮንጌ፡ እቲ ትምህርቲ - ንቐልጣፍን ኣፍልጦን ተጠቀምቲ ሞቶር-ብሽክሌታ ኣብ ሕጊ ትራፊክ ክብ ንምባልን ዘውንነወን ተሽከርከርቲ ግቡእ ጽገና ንክገብሩሉን ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣቦመንበር ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጸርጊያ ኣቶ እስቲፋኖስ ሃብተማርያምን ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃይለ በራኺን ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና ኣብ'ቲ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ንምንካይ ዝካየድ ዘሎ ወሃድ ጻዕሪ ዝህልዎ ኣስተዋጽኦ ብቐሊል ከምዘይጥመት ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ፍልጥት ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎ ተላበዮም።

ኣወሃሃዲ ትካላት ው.ሕ.ሃ. ኣብ ኤርትራ ሚስተር ኣንጀስ ቹማ፡ ኣብ ዓለም ኣብ ዓመት ልዕሊ 1.3 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ሓደጋ ተሽከርከርቲ ከምዝሞቱ፡ ልዕሊ 50 ሚልዮን ሰባት ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝጋጥሞም ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና ኣገዳስነን እዋናውን ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ ሄልመት/ካስኮን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።



# ፍሽለት ዓቢ ውዲት - ዝፈጠሮ ዕብዳን

## ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

*ሎሚ ዓመት፣ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ንምዝራግ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ወጻኢ ዝተኻእተ ዕብዳን ንተዓዘብቲ ኣገሪሙ'ዩ። ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታኡ፣ ናብዚ ዕብዳንዚ ዘበጽሐ ብኸመይ፣ ወደብቱ፣ መወልዕቱ፣ ኣተናኡ ኣማእዝኑ ንዘሪልጥ ግን ዘርሞ ኣይኮነን።*

ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ "ናጽነት ኤርትራ ንግሎባዊ ስትራተጂና ኣየገልግለንዩ" ዝበል መርገጺ ዝሓዙ ታሪኻውያን ተጻባእቲ፡ ነዛ ብመሪር ተጋድሎን ረዚን መስዋእቲን ዓለማዊ ውዲት ፈንጢሳ ናጽነታ ዝተጎናጸፈት ሓዳስ ሃገር፡ ከሎ ገና ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ነጺሎም፣ ብኹሉ መዳይ ረሚሶም፣ ህዝቢ ኣብ ቀጻሊ ግጭትን ቁጠባዊ ሕሰምን ተሸሚሙ ሞራሉ ከምዝውድቕ፣ ናጽነቱ ከምዝጸልእን መንግስቲ ከምዝናፍቕን ንምግባር፡ ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ዘይዓርፉ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ዲፕሎማሲያውን ሸርሓታት ፈጺሞም እዮም።

1) ካብ 1998 ክሳብ 2000 ንጃንዳ ወያነ ዓሲቦምን ደጒሞምን ቀሊዕ ወራር ሃቂኖም። ዕላማኡ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ገሪፎም ደሂልካ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ኣሊኹ ብዙሓዊ መልሕቕም ዝሓዘዘ ምስሌን መንግስቲ ምቛምዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ እቲ ወጥን ምስ ሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ተረጺሙ ኣይሰመረን። ድሕሪዚ፡ ብዩን ኮምሽን ዶብ ከይትግበር ጀሆ ሒዞም፡ ን20 ዓመታት ዝቐጸለ ኣይ ሰላም ኣይ ኲናት ወጠር ሃዋህው ፈጢሮም።

2) ጎድኒ ጎድኒዚ፡ ቁጠባዊ ዕቤት ኤርትራ ብምሕናቕ፡ ህዝቢ ብምረት ናብራ ተሃሚሙ ኣጀንዳ "ምልዋጥ ስርዓት" ከተግብረሎም እናተማህለሉ፡ ብዙሕ ሃሊኾም። ኤርትራ፣ ካብዞን ብምዕራብ ዝዘወራ ኣህጉራውያን ትካላት ፋይናንሳዊ ልቓሕ ከምዘይትረክብ ኣብ ርእሲ ምግባር፣ ኩባንያታት ምዕራብ ኣብ ኤርትራ ርእሱማለን ከየውፍራ ተኣጊደን። ኣብ 2009/2011 ድማ፡ ነቲ ብምስኩር ተጻዋርነቱ ብርኪ መንግስቱ ዘጽንዐ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሕርሕራይ ገርካ ንምቕጻዕ፣ ምኽንያት ዘይብሉ ዘይሕጋዊን ዘየርትዓውን እገዳታት ኣሰጒዶም። እንተኾነ፡ ንሰብኡ ብሾግር ናይ ምጭናቕ ሜላ፡ ኣብቲ ቀረስ እንገራ ጠልቀም ኣሉ፣ ቆጺሉ ተዓንጊሉ፣ ናጽነት ዝሓረየ ገድለኛ ህዝቢ ዝሰርሖ ኮይኑ ኣይተረኽበን።

3) ማዕረ ማዕረዚ፡ ንኽም 'ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕ.ሃ. (UNHCR)፡ 'ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ 'ህዩማን ራይትስ ዎች'፡ 'ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት' ዝኣመሰሉ "ተሓለቕቲ ኢና" በሃልቲ ኣህጉራውያን ትካላትን ጉጅለታት ቲንክ-ታንክስን መጋርያ ተጠቒሞም፡ እዛ ውልዶ ሃገር ብሰንኮም ዝወረዳ ኣደራዕ ብምምዝማዝ፡ ምስሊ መንግስቲ ኤርትራ ንምድዋን፡ ታሪኽ፡ ባህልን ክብርታትን ህዝቢ ኤርትራ ንምንሻው፡ ንዓመታት ብዘይምቁራጽ ኣብ ዘሙተ ምስይጣን ተዋፊሮም። እዚ'ውን ምስቲ በሪኽ ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝቢ ኤርትራ ተላቲሙ፡ ፋይዳ ኣይተረኽቦን።

### ብድሕሪ ስደት ኤርትራውያን ዘሎ ሓቅታት

- መኸተ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብወተሃደራዊ ሓይሊን ቁጠባዊን ፖለቲካውን ሸርሓታትን ስለዘይተጻዕደ፡ ሰዒቡ ዝመጸ ካልእ ውዲት፡ መንእሰያት ርስቲ ወለዶም ለቒቖም ሃገር ዝበልዑ መርበብ ፍልሰት ምውዳድ'ዩ። ኣብ 2004፡ መንግስቲ ኣመሪካ ምስ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ብምትሕብባር፡ ንሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ ማለት "ንብሄረ ኩናማ" ብጅምላ ንምግዓዝ ፈቲኑ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ኣብ ለካቲት 2009 ድማ፡ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዝሃድሙ መንእሰያት ኤርትራ 10,000 ናይ ዑቕባ ማሳል ከምዝመደበ ብወግዒ ኣፍሊጡ። ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ባራክ ኦባማ "ኣብዞን ከም ሶማሊን ኮርያን ኤርትራን ዝኣመሰላ 'ዝኸፍኣ' ሃገራት፡ ደቀንስትዮ፡ ቆልዑን መንእሰያትን ሃዲሞም ንኸምልጡ ምስ ዝሰርሑ መሻርኽቲ ንተሓባበር ኣለና. . . ወጽኢት ድማ ንረኽበሉ ኣለና" ክብል ምግላጹ፣ ንኤርትራውያን ዒላማ ዝገበረ መርበብ ፍልሰት፡ ኢድ ዓበይቲ መንግስታትን ትካላት ስለያን ኣህጉራውያን ውድባትን ዘለዎ ዝተወደበ ፖለቲካዊ ሸርሒ ምንባሩ ኣቃሊዕዎ እዩ።

- ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ፡ ነቲ ኣብ 2009/2011፡ UNHCR ብምስጠር ዝርግሖ፡ "ዜጋታት ኤርትራ ብቐጥታ ማሳል ዑቑባ ዝረኽቡሉ ዕድል" ክፈጥራ ዝምሕጸን ጸውዒት ተቐቢለን። ብምትሕብባር ስደት ኤርትራውያን ከተዓብዕ ዝጸንሐ ትካል እዩ፡ ክራይ ናይዚ መዓስከራትዚ UNHCR እዩ ዝኸፍሎ። ናይ ኣርባዕተኣን መዓስከራት ዓመታዊ 9.6 ሚልዮን ዶላር፡ UNHCR ብመንገዲ ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ ARRA ኣታዊ ይገብር፣ ARRA ድማ ክራይ ናይቲ መሬት ንምምሕዳር ክልል ትግራይ የረክብ።

- ARRA ካብ UNHCR ንዝፍሰወከፍ ስደተኛ ወርሓዊ 150 ዶላር መሻርፍ ይቕበል ነይሩ። ንየም ስደተኛታት ዝህቦም ግን ኣብ ወርሒ 80 ብር ጥራሕ'ዩ። እቲ ዝተረፈ ናብ ካዝና ክልል ትግራይ ኣታዊ ይኸውን። ካብዚ እውን ምምሕዳር ክልል ትግራይ ወርሓዊ ካብ 4.5 ክሳብ 6 ሚልዮን ዶላር ኣታዊ ነይሩዎ። ብዘይካዚ፡ ብስም ኮምሽን ዶብ ዝቐየረሉ ኩነት ምፍጣር እዩ ነይሩ።

- በዚ ዕላማዚ፡ ንየም ካብ ሃገርም ዝወጹ መንእሰያት ፈለማ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ትግራይ ኣኪቦም፡ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ከልዕሉ ብዙሕ ኸስተሰምን ጸዒሮም። እንተኾነ መንእሰያት ኤርትራ ካብ ሃገር ዘውጽኦም ጉዳይ ናብራ እምበር ፖለቲካዊ ምኽንያት ስለዘይነበረ፡ ጉዳይ ናይቲ ሸርሒ ክኾኑ ኣይከኣሉን። እኳ ድኣ ኣብቲ ዝኸድዎ ሃገር፡ ኣብ ማሕበረ ኮማት ብምጥርናፍ፡ ኣንጻር ሃገርም ዝቐንዐ ተጻብኦታት ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም ክምክቱ ተራእዮም። ዜጋታት ኤርትራ ንሃገርም ዝኸፍልዎ 2% ግብሪ ናይ ምዕጋት ስጉምቲ ዝመጸ ከኣ፡ ወጥን ፍልሰት ሒዙዎ ዝተበገሰ ዕላማ



ኤርትራውያን መንእሰያት ብብዙሒ ናብ ስደት ከምርሑ ዓቢ ባይታ ፈጢረን'የን። በቲ ንኤርትራውያን ዝግበር ዝበረ ሓለፋ ድማ፡ ዜጋታት ዝተፈላለየ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ ከይተረፉ፣ "ኤርትራውያን ኢና" እናበሉ ማሳል ዑቕባ ክረኽቡ ምጽንሖም፣ እቶም በዚ ሜላዚ ወረቐት ዝረኸቡ ባዕሎም ኣግሂደም ዝዘረብሉ ናይ ዕዳጋ ምስጢር'ዩ።

- ኣምባሳደር ኣውስትርያ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኣንድርያስ ሜላን ኣብ 2015 ኣብ ዘየደዶ ቃለመጠይቕ፡ "ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት 40% ኢትዮጵያውያን እዮም. . ." ክብል ገሊጹ ነይሩ። (ገለ ወገናት ክሳብ 60% ይብሉ እዮም።) "ፓናርማ" ዝተባህለ ናይ ኢጣልያ መጽሔት እውን ኣብ 2017 ንሓያሎ ስደተኛታት ኣዘራሪቡ ብዘርኸቦ ወጽኢት መጽናዕቲ፡ "ብውሑድ ሓደ ሲሶ ካብቶም 'ኤርትራውያን' ተባሂሎም ኣብ ኤውሮጳ ማሳል ዑቕባ ዝረኸቡ፡ ደቂ ሶማሊ ኢትዮጵያ እዮም" ክብል ጽሒፉ ነይሩ።

- መገዲ ፍልሰት ንምጥጣሕ፡ ኣብ ጎረቤት ሃገራት ኢትዮጵያን ሱዳንን መዓስከራት ስደተኛታት ዝሃነፀ ሓለፍቲ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታትን መሻርኽቶምን ስልጣን ናይተን ሃገራትን፡ ብስም ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ቀሊል ዘይኮነ ረብሓ ከኻብቱ ምጽንሖም ዝፍለጥ'ዩ። "ምምሕዳር ስደተኛታትን ጉዳያት ተመላሰትን" (Administration for Refugee & Returnee Affairs – ARRA "ኣራ") ብዝብል ስም ዝጸዋዕ ብኮደረታት ወያነ ብኣባላት ድህንነት ክልል ትግራይን ዝመሓደር ዝነበረ ትካል፡ ምስ ሰራሕተኛታት UNHCR ብምትሕብባር ዝፍጽሞ ዝነበረ ናይ ረብሓ ጸወታ ከኣ ነቲ ብድሕሪ መጋረጃ ናይዚ ሰብኣዊ ሓልዮት ዝመሰል ንጥፈት ዘሎ ገዚፍ ረብሓታት ዘቃልዕ'ዩ።

- ኣራ - ARRA ካብ ምምሕዳር ክልል ትግራይ መሬት ብምኽራይ ኣርባዕተ መዓስከራት (ሽመልባ፡ ሕጻጽ፡ ማይዓይኒን ዓዲሓሪሽን) ብምቛም፡ ምስ UNHCR 'ኤርትራውያን ስደተኛታት' ካብ ዝተፈላለየ ሰነስቲ ማሕበራት ዝመጽእ ብዙሕ ዓይነታዊ ሓገዝ፡ ሓለፍቲ ARRA ምስ ወኪላት UNHCRን ሰበ ስልጣን ክልል ትግራይን ተመሻጢርም ንውልቃዊ ረብሓኦም የውዕልዎ ነይሮም። ንህጻናትን ትሕቲ ዕድመን ተባሂሉ ብUNICEF ዝወሃብ ዝነበረ ፍሉይ ደገፍ ከይተረፈ፣ ብዘይ ኣሰሓኮ ጃብኦም የህጥሉ ነይሮም።

- ሰበ መዚ ARRA ምስ ሓለፍቲ ላዕለዋይ ኮምሽን ስደተኛታት ሕብረት ሃገራት (UNHCR) ብምምሻጥር ክፍጽምዎ ዝጸንሑ ካልእ ብልሽውና፡ ናብ ሳልሳይ ሃገር ናይ ምስጋር ዕድላት ገንዘብ እናኽፈሉን ብሰበይ ሰነድ፡ ብስም 'ኤርትራውያን' ንዘይ ኤርትራውያን ምምጣው እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ፋይሎም ኣብ ኤውሮጳ ኣውስትራልያ፡ ካናዳን ኣመሪካን ዝኸዱ ሂወቶም ግን ኣብዞን መዓስከራት ዝበለየ ኤርትራውያን ብዕጽሪ ውሑዳት ኣይኮኑን።

- እዚ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት Human trafficking፡ ህይወት ደቂ-ሰብ ንዝኸትክት ሓደጋታት ከቓልዕ ዝጸንሐ ዓቢ ገበንን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን ኮይኑ፣ እቶም ኣብዚ ገበንዚ ዝተዋፈሩ (ውልቀሰባት፡ ይኹኑ ትካላት) ዘተባብዕም እምበር 'ዓገብ!' ዝበሎም ኣይረኸቡን። መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተፈጸመ ገበናት ንገዲ ሰብኣውነት ብፍጹም ኣካል ከጸረን ገበነኛታት ናብ ፍርዲ ክቐርቡን ናብ ሕብረት ሃገራት ዘቕረቦ ተደጋጋሚ ምሕጽንታ እውን ሰሚዒ ኣይረኸበን።

- ቀዳማይ ፖለቲካዊ ዕላማ ውዲት ፍልሰት፡ ዓቕሚ ምክልኻል ኤርትራ ምድኻምን ዓያዩ ጉልበት ምግዳፍን ኮይኑ፣ እቲ ካልኣይን መሰረታውን ዕላምኡ ግን፡ ኣብ ደገ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝበድህ ተቓዋሚ ሓይሊ ጠፍጠፍካ፡ ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ኣገባብ፡ ወሸጣዊ ሸገር ብምፍጣር፡ ኤርትራ ብዝባ ዝተወረረ ልኡላዊ መሬታ ሕቶ ከይተልዕል ኣፋ ንምዕባስ፡ እንተኸኢሉ እውን ናይ ስርዓት ለውጢ ብምምጻእ፡ ብዩን ዘይምምቻእ ዝበርኾ ዝደረኾ ናይ ጭንቀት ግብረ መልሲ'ዩ ነይሩ።

- ሓቂ'ዩ እዚ ዓቢ ውዲት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን መንእሰያትናን ዘውረዶ ማህሰይቲ ቀሊል ኣይኮነን። ምስቲ ዝፈሰሰ ዝፍ ማልን ዝተኻየደሉ ጻዕርን ብምዝማድ ግን ዕላማኡ ኣይወቐዐን። ቁጠባዊ ጸገማትም ንምፍታሕ ናብ ስደት ዘቕንዑ ዜጋታት፡ ካብ ህዝቦምን መንግስቶምን ከይረሓቑ፣ ኣብ ሃገራዊ መደባት ብንጥፈት ክዋስኡ፣ ምርኣይ ድማ ንዝንደሰቲ ፍልሰት ድኻሞም ጣፋይዳ ምግባሩ'ዩ ኣግሂድሎም። ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ዝተሃዋኸ ዕንደራ፡ እዞም መንእሰያት ኣብ ጎድኒ ህዝቦም ሰራዊቶምን ደው ብምባል ዘይናቕንቕ ሃገራዊ መርገጽኦም ንተጻባእቲ ተሰፋ ብዝቖርጽ መገዲ ደጊሞም ምምስካሮም፡ እቲ ብዝተራቐቐ ወጥን ዓቕሚ ሰብዛ ሃገር፡ ብሕልፊ ድማ ኣእምሮን ጉልበትን መንእሰያት ንምጽንቃቕ ዝተሃቀነ ሸርሒ፡ ምስ ኩሉ ዝተዝበረሉ ምውላ ናይ ዕቑባ ሓለፋን ጸዕቒ መደናገሪ ፕሮፓጋንዳን ማይ ዓሚኹ ምትራፉ ዘዝሃደ'ዩ ነይሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣዚ ዓቢ ውዲት'ዚ ሰጊሩ፣ ብዓወት ክወጽእ ዝኸኣለ ብፖለቲካውን ሱ-ኣእምሮኣውን ብልጽቱ እዩ። በሪኽ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ንዒሕ ናይ ቃልሲ ተሞኩሮን ዘለዎ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ብዝተፈነወሉ ቀሊዕ ወራርን በቲ ንዓመታት ዝቐጸለ እልቢ ዘይብሎ ናይ ምስይጣን ዘመተታትን ሸርሐታትን ኣይተሰናበደን፣ ኣይተደናገረን፣ ኣይተሓለለን። ብውዲትን ሽሕጣንን ሃገራዊ ረብሓኡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ህዝቢ ከምዘይኮነ ከኣ ብጉብረን ብተደጋጋሚን ኣመስኪሩ።

ህዝቢ ኤርትራ በዚ ነቕ ዘይብል ጽንዓቱን በሪኽ ንቕሓቱን፡ ንኹሉ ተጻባኦታት ማኪቱ ብዓወት ምወጽኡ ንደለይቲ ሰላምን ፍትሒን ሓበንን ኣርኣያን ክኸውን እንከሎ፡ ንዝንደሰቲ ዓቢ ውዲት ግን ውርደት'ዩ ኮይኑዎም። ከምቲ ዝወጠንዎ ህዝቢ ኤርትራ ኣይተጻዕደሎም። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ነዊሕ ምርብራብ፡ እቲ መልሕቕና ኢሎም ዝኣመትዎ መጋርያ ተመናዝዩ፣ መወዳእታኡ ብቐጥዖ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ስልጣኑ ተደርቢዩ። ኮነ ድኻን ካብ ሳንዱቕ ረሳ ንምትንስኡ ዝተሃወኸ ከንቱ ዕንደራ ድማ፡ ወጽኢቱ ህልቂትን ዕጥቂ ምፍታሕን ኮይኑ። እዚ ተደጋጋሚ ስዕረትን ፍሽለትን'ዚ ዝፈጠሮ ሱ-ኣእምሮኣዊ ነውጺ፣ ኣብዚ ሕጂ እዋን ናብ ጨርቂ ምድርባይ እንተምርሓሎም እምበር ከበርም ኣይክእልን። ኣንጻር መንግስቲ ተቓውሞ ምግሃር ካብ ዘይተኻእሉ፡ ብቐጥታ ነቲ ህዝቢ ዒላማ ምግባር'ዩ ተመሪጹ። ሃገራዊ በዓላትን ምትእኽኻባትን ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ናይ ምዝራግ ዕብዳን ከኣ ካልእ ዘይተፈ ፍሽለት ዓቢ ውዲት ዝፈጠሮ ናይ ቅብጸት ስጉምቲ እዩ።

እዚ መቕጻልታ ናይቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘርዓዮ እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦታት ዝኾነ ናይ መውዳእታ ፈተነ ቅብጸት፡ ብፍኑው መገዲ ዝመጸ ኣይኮነን። ቀደሚ ኣዋርሕ ተኣንጊት ተሸብሺቡ ዝተባህለ'ዩ። ዓዲ ዘይምልስ ገበን ስርቂን ዝፈጸሙ ኩብልልያ፣ ጸረፈን ዘለፋን ፖለቲካዊ ተቓውሞ ዝመሰሎም ተናበይቲ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ብትሕተ-ሃገራውነት ተቓዚዘውቲ፣ ንባዕሎም ዓዲ ኣርሒቖም ህዝቢ ዝዘለፉ ሓደት ሓርበኛታት ሜዕዶ ካብዘን ካብትን ኣኻኺቡ፣ ቅሩብ ቁረብ ትካቦ ኣሰሊቑ፣ ዝጠለሉ ካብዮም ብስም ኤርትራውያን ወረቐት ዑቕባ ዝረኸቡ ቅድሚት ኣሰሊፉ፣ ኤርትራ ልኡላዊት ሃገር ከምዘይኮነት ዘምስል ጥንፈራ ቀያም ጀንጀኑ፣ ናይ መዳግዘ ወጻኢታቶም ሸፊኑ፣ ዕርርታ ንምፍጣር ወዛ ዝበለ መደብ ተሓንጺጹ፣ ዘድሊ ምውላ ፈሰሰሉ።

ወደብቱን መወልዕቱ ብቐንዱ ዓበይቲ ትካላት ስለያ ምዕራብ እዮም። መንግስታት ምዕራብ ከኣ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ብዘይትካሉ ሜላ ነቲ ዝኸሰት እምጊጋሮ ብሸሸታ ከኣንግዳ ተሓቢሩወን እዩ። 'ተሓለቕቲ ሰብኣውነት' ኢና በሃልቲ ኣቓቕሕቲ (ኣክቲቪስትስ) ዝተዓሰቡ ወጻኢተኛታት ጋዜጠኛታትን ሚድያታትን ብዋይዮም ኣዚ ሽርሓዊ ተግባር ፖለቲካዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኣንጻር መንግስቲ ኣምሲሎም ኪጋውሕዎ ተበጊሶም።

በዚ ረብሻዚ ክውቃዕ ዝተደልየ ዕላማ ንምምዋት ኣየጻገምን። ምስቲ 2% ግብሪ ንምዕጋት ዝተወስደ ስጉምቲ ዝመሳሰል እዩ። ነቲ ብዓረርን ሓዊን ዘይተኸእሉ ብኸሊንተናዊ ጸቕጢታትን ቁጠባዊ ሸርሐታትን ኣብ እግሮም ዘየሰገደ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘተኣኻኽቡሉ ሃገራዊ በዓላትን መድረኻትን ብምርዓስ፡ ጸጥታዊ ምኽንያት ኣቕሪብካ ከምዝእገድ ምግባር'ዩ። ፍሽለት ዓቢ ውዲት ዘየቦ እንጸርጸሮትን ቅብጸትን!

**ሎሚ ኣብ ERI-TV**

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጩራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:10 | ደኩመንታሪ ፊልም |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ኮንሰርት ባህላዊ ኣፐራ ቻይና |
| 19:30 | ሃለዉ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ዕላል ምስ ስነ-ጥበበኛ ሰሎሞን ድራር

*ሰሎሞን ድራር፡ "ኤርትራውያን ኮማንዶ"፡ "መኸተ"፡ "ፅሚ ሓንቲ ሰድራ" ዝበሃላ መጻሕፍቲ ዘደረሰ ከምኡ'ውን ዝተፈላለያ ተኸታተልቲ ፊልምታት፡ ግጥሚታት ደርፌን ካልእ ግጥምታትን ዘደረሰን ዓንቀጻት ዘጽሓፈን ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገርና ምቕሉል ኣበርክቶ ዝገበረ ሞያዊ እዩ። ሰሎሞን ዚ ኣብ ገደሊ ዝጀመሮ ስነ-ጽሑፍ ድሕሪ ናጽነት ብዘለዓለ ደረጃ'ዩ ቀጺሉዎ። ኣብዚ ንዊሕ ዓመታት ዝሰርሓሉ ዓውዲ ኣመልኪትና ምስኡ ዘካየድናዮ ዕላል ይስዕብ። መጀመሪ ዕላልና፡ ፌስቲቫል ከም ቅርዓት ባህልን ስነ-ጥበብን ኣብ ዝምልከት ዛዕባ'ዩ፡ ሰናይ ንባብ፡*

**ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብል ኮሚተ ነይርካ፡ ብኡኡ ክንጀምር። ተራ ፌስቲቫል ኣብ ምዕቃብ ባህልን ምምዕባል ስነ-ጥበብን ከመይ ትርእዮ?**

ክልተ ግን ከኣ ኣብ ንሓድሕዱ ምትእስሳር ዘለዎ ሕቶታት'ዩ ተሳዒሉ ዘሎ። ተራ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ምዕቃብ ባህልን ምምዕባል ስነ-ጥበብን ተደሚሩ ንሓደ ዕላማ'ዩ ዘገልግል። ንሱ ድማ ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ ምምዕባል እዩ። ከመይሲ ስልጡን ሃገራዊ ባህሊ ማሰረት ምዕቡል ቀንጠበን ስልጡን ፖለቲካዊ ስርዓትን ስለዝኾኑ፡ ባህሉ ከየማዕበለ ዝሰልጠነ ሕብረተሰብ የለን።

ተራ ፌስቲቫል ኣብ ምዕቃብ ባህሊ ቀዳሚ ምልዓልና፡ 'ምዕቃብ' ክበሃል እንከሎ ማሰርሕ ምንጻግን ምርዓምን ምኻኑ ምርኣዩ የድሊ። ሕብረተሰብት ኣብ ምምዕባል እየም ዝነብሩ። ኣብ ምምዕባል ክህልዉ እንከለዉ ኸኣ ነቲ ጸጋበቱ እናረዓሙ፡ ነቲ ክንጸግ ዘለዎ ኸኣ እናጸግዎ ይኸዱ። ሕብረተሰብና ብናይ ገጠርን ከተማን ኣቃውማኡ ክትርእዮ እንከለኻ ናቱ ሕጽረታት ወይ ንድሕሪት ዝጎቱ መዳያት ባህሊ ኣለውዎ ወይ ነይርዎ። ገሊኦም ኣብ ማሰርሕ እናተረፉ ይኸዱ፣ ገሊኦም ከኣ ክተርፉ ዘለዎም ክሰዎም ግዜ ወሲዶም ዝቐጽሉ ዘለዉ እየም። ምዕቃብ ክበሃል እንከሎ እምበኣር ንኹሉ ከም ዘለዎ ንዕቅቦ ማለት ኣይኮነን። ሳልሳይ ካብ ደገ እትልቀሖ'ውን ኣሎ። እዚ እቲ ኣህጉራዊ ባህሊ እንብሎ እዩ። እዚ'ውን ኣብ ማሰርሕ ምንጻግን ምርዓምን ዝኣተወ'ዩ። ናይ ደገ ስለ ዝኾነ ጥራይ ከም ቅቡል እትወስዶ ኣይኮነን። ዘድልየካ መሚኻ ክትወስድ ክትክእል ኣሎካ።

እቲ ናይ ምንጻግን ምርዓምን ቃልሲ ብብዙሕ መንገዲ'ዩ ዝቕጽል። ምውዳብ ፌስቲቫል ከኣ ሓደ ካብኡ'ዩ። ንህዝቢ ከተንቅሕ ብዝተፈላለዩ ኣካላትን ኣገባብን ዝወሃብ ኣስተምህሮታት ኣሎ። ምውዳብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ከኣ ሓደ ኣገዳሲ ኣካል ናይዚ ናይ ምንቃሕ ማሰርሕ እዩ። ፌስቲቫል፡ ጊጋታት ሃገር ናብ ሓደ ቅርዓት እናኣምጸኣ፡ ንምርኢት እናቐረበ፡ ዝምልከቶም እናኣሳተፍካ ዝዐበረ ዕምቆትን ስፋሓትን ዘለዎ መድረኽ እዩ። በዚ መሰረት፡ ፌስቲቫል ኤርትራ ናይ ትሸዓተአን ብሄራት ኤርትራ ቅርዓት ትኸውን ኣላ ማለት'ዩ። ኩለን ኣብ ሓደ ቅርዓት ስለ እተምጽኣን ድማ፡ ሰብ ብቐሊሉ ክላለየንን ክፈልጠንን ዓቢ ዕድል ኣለዎ።

### ስነ-ጥበብ እንታይ እዩ?

ስነ-ጥበብ ዝበሃል ብምሉኡ'ቲ ንባህልታት ሓደ ሕብረተሰብን ባህርን ብመሳጥን ረቂቕን ኣገባብ ጸሚቑ ዘቕርብ መርኣያታት ወይ መግለጺታት ናይ ባህሊ እዩ። ንባህልን ሓፈሻዊ ኣመለኻኽታ ኣብቲ ሕብረተሰብን ከኣ ይገልጽ። ሰብ ብዙሓ ኑብሱን ኣከባቢኡን ዝሓሰቦን ዝርድኦን፡ ብዙሓ ምስ ከምኡ ሰባት ዘለዎ ርክባትን ምስ ተፈጥሮ ዘለዎ ምትእስሳርን፡ ባህርያቱ፡ ተግባራቱን ድሌታቱን፡ ብኣጠቓላሊ ኸኣ ሰብኣዊ ተመክሮኡ ብፈጠራኣውን ጸባቐኣውን መንገዲታት ኣንጸባርቑ እናኣዘናግዐ መልእኽቲ ዘመሓላልፈሉ ጥበብ እዩ።

ብዓውዲታት ክንፈላልዮ ከለና ኸኣ ስነ-ጽሑፍ፡ ትያትር ወይ ድራማ፡ ፊልም፡ መዚቃ፡ ትርኢታዊ ጥበብ ይሓቁፍ። እዚ ዓውዲታት'ዚ ድማ ኻቱ ሰብ ሞያ ኣለውዎ። ንኣብነት፡ ስነ-ጽሑፍ እንተ ደኣ ኢልና፡ ንቛንቋ ከም መሳርሒ ተጠቂሙ ብኣፍ ይኹን ብጽሑፍ ዝቐርብ ምህዞኣዊ ኣገላልጻ ህይወት እዩ። ጸውጸዋይ፡ ግጥሚ፡ ልቢ-ወለድ፡ ሓቀኛ ዛንታ፡ ንድራማን ፊልምን ዝኸውን ጽሑፍ ወዘተ. ኹኣ ጃንዳታቱ እየም። ኣብ ምቕራብ ናይዚ ፈጠራዊ ስራሕ'ዚ ዝሳተፉ ኸኣ ስነ-ጥበበኛታት ይበሃሉ። ስነ-ጥበበኛታት ናይ ሓብር መጻወዲ ስለዝኾኑ፡ ደረስቲ፡ ገጠምቲ፡ ማሸኛታት፡ ጨፈርቲ . . . ኢልካ ድማ በበዓውዱ ትፈልዮም።

### ናብ ፌስቲቫል ክንምለስ?

ምርኢት ፌስቲቫል ብሓፈሻ ትሕዝቶ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ተጓሒጉሑ መጺኡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ምስ ተቐረበ፡ ነቲ ስነ-ጥበበኛ ዓቢ መኣዲ ትሕዝቶ እዩ። ስለዚ፡ ደረስቲ፡ ገጠምቲ፡ ጨፈርቲ፡ ተዋሳእቲ፡ ተሳሃይቲ፡ ዘመርቲ፡ ሰኣልቲ፡ ዳይረክተራት፡ ኣፍረይቲ፡ ኩታ ኩሉ'ቲ ኣብ ስነ-ጥበብ ዝጥፍ ሰብ ናብዚ ፌስቲቫል ክውሕዝ ኣለዎ። ፌስቲቫል ናይ ነጋድያን እዩ ክበሃል እንከሎ፡ ንምርኢት ጥራይ ዝኸይድ ግን ኣይኮነን። ንምርምር፡ ንመጸናዕቲ፡ ንመጠበሲ ሓሳብ፡ ንሌላ ኣልካ'ዩ ዝኸየድ።

ብሸነኽ መዚቀኛታት እንተ ርኢና ኸኣ ደረፍቲ፡ ደረስቲ ዜማ፡ ተሳሃይቲ፡ መዚቀኛታት፡ . . . ኩሎም እዚኦቶም ናብኡ ክውሕዙ ኣለዎም። ቀጣእቲ፡ ቀረጽቲ'ውን ብተመሳሳሊ ናብቲ ቅርዓት ክውሕዙ ኣለዎም። መጽናዕትን ምርምርን ብምክያድ ካብቲ ብዝርከብ ሓብሬታ፡ ካብኡ ተበጊሶም ብዝምዕብል ንጥፈታት ከኣ እቲ ስነ-ጥበብ ክዓቢ ይኽእል።

ኣገዳስነት ፌስቲቫል ኑዩም ዝምጉዱ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ስነ-ጥበብ ንዝሰተፉ ሰብ ሞያ'ውን ዓቢ ዕድል'ዩ። ካብ ብዙሕ ባጀት ኣይረኸበናን እምበር ከምዚ ምኽርና ወይ ናብ ከምዚ ኬድና መጸናዕና ዝብል ማሕለኻ ዘኣለግል ኣዝዩ ኣገዳሲ፡ ክድፍኣሉ ዘለዎ ንጥፈት'ዩ። እንተ ተኻኢሉ'ውን፡ ከምቲ ኮምሽር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኣብ መዛዘሚ ፌስቲቫል ኤርትራ 2023 ዝበሎ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ጥራይ ዝኸውን ናብ ክልተ ወይ ሰለስተ ክሶገር ጸቡቕ ርእይቶ ኩይኑ ይስምዓኒ።

**ፌስቲቫል ብኸሎም ስነ-ጥበበኛታት ብሓፈሻ ክበጽሕ ዘለዎ ኣገዳሲ ቅርዓት ምኻኑ ገሊጽካ። እንተኾኑ ስነ-ጥበበኛታትና ብኸምዚ ናይ ምርምርን መጽናዕትን መገደሲ ይጥቀምሉ የለዉን ዝብል ርእይቶ ኣሎ። ከመይ ትርእዮ?**

ዚ ትዕዝብቲ እዚ እሰማምዓሉ እየ። ከም ህዝበኻ ኬድካ ቡቲ ኤግዚቢሽን ርኢኻ ተዘናጊዕካ ምምላስ ይርአ ወይ ይሽፈን ኣሎ። ከምቲ ዝድለ ሞያዊ ወፍሪ ኣይተዓዘብኩን። ናብቲ ዝኸይድ ኣፋዊ ያታ፡ ትልሂት፡ መኣድታት ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ መጺኦም ብዕምቈት ዝዕዘቡ ወሰናትን ውሑዳትን እየም። እዚ ግን ናይ ወሰናት ክኸውን የብሉን። ኣብኡ'ዩ ዘሎ እቲ ሃብቲ። ንብዙሕ ሃገር ከበግሶ ዝኽእል'ዩ ዝቐረብ ኣብ ፌስቲቫል።

ጸጋበቱ እናዓቀብናዮ እንዲና ንኸይድ ዘለና። እዚ ዝዕቀብ ዘሎ ግን ተራእዩ ንኽሓልፍ ወይ ተሰሒዱ ንኽተርፍ ኣይኮነን፣ ኣብ ኣገልግሎት ንኽውዕል'ዩ። ኣብ ኣገልግሎት ከተውዕሎ እንተ ኼንካ ኸኣ ኣብኡ ኮፍ ኢልካ ክትዕዘብ፡ ከተስተማቕር፡ ክትሓትት፡ ክትሳለ ዝሕግዝ ኣዝዩ ዓቢ ቅርዓት እዩ። እዚ ኹይኑ ግን ስነ-ጥበበኛታት ክረብሓሉ ብዘይምርኣየይ ዓቢ ሃንፍ ተዓዚበ ኣነ'ውን።

ኣብ ስነ-ጥበበኛታት ብዙሕ ግዜ እትልዓል ባጀት እያ። ሓቂ'ያ ድማ። ካብዚ ናብ ጋሽ-ባርካ ኬድካ መጸናዕቲ ክተካይድ ብዙሕ ወጻኢታት ይሓትት፣ እዚ ወጻኢታት ብመንጸር እትረኽቦ ምስ ዝርአ ከበድ'ዩ። ከምዚ ካብ ኩሉ መንግስቲ ባዕሉ ኣብ ሓደ ቅርዓት ይቐርበልካ ካብ ሃለወ ስለምንታይ ዘይትጥቀመሉ? ስለምንታይከ ከም ዓቢ ጸጋ ዘይትርእዮ?' እያ እታ ጉዳይ'ሞ ኣብኡ ሃንፋት ኣሎና፡ ካብ ነብሰይ ጀሚርካ ማለት'ዩ።

**ተራን ጽልዋን ኣፋዊ ያታ፡ ያታዊ ትልሂት፡ ልምዲታት፡ ወግዒታት፡ ኣነባብራ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣብ ዘመናዊ ስነ-ጥበብ ከመይ ትገልጾ?**

ኣዝዩ ልዑል እዩ። ሓንቲ ስራሕ ብዘመናዊ መልክዕ ከተቕርባ ኣብ ያታ ተመርኲስካ፡ መጽናዕቲ ኣካይድካ ከተቕርባ ዘሎ ተቐባልነት ኣብቲ ህዝቢ ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። ናይቲ ኣብ ያታ ተመርኲስካ ዝገበርካ ይልዕል። ስለምንታይ? ነቲ ሕብረተሰብ ብናቱ መንነት ትገልጾ ስለ ዘለኻ። ስነ-ጥበብሲ ምግላጽ'ዩ። ነቲ ባህሉ ብስነ-ጥበባዊ መንገዲ፡ ጥበብ ብዝመልኦ ኣዘናጋዕን ኣዘናዩን ኣገባብ ተቓሚሞ ክቐርበሉ እንከሎ፡ እቲ ህዝቢ ዚያዳ ይቕበሎ። ስነ-ጥበብ ሰላቢ ዝኾነ ብኣዘናጋዒ መንገዲ መልእኽቲ ናይ ምትሕልላፍ ባህሪ ስለ ዘለዎ'ዩ።

ንሓደ ስራሕ ኣብ ያታ ተመርኲስካ ጥበብ ብዘለዎ መንገዲ ከተቕርቦ እንከለኻ ዚያዳ ሓይሊ ይህልዎ። ኑዩም ስነ-ጥበበኛታት ንብዕሎም'ውን ካብ ህዝቢ ኣደናቒት ዝፈጥረሎም እዩ። ግን ብዕምቈትን ደቂቕ መጽናዕትን ምስ ዝቐርብ'ዩ። ያታዊ ስረት፡ ከም ናይ ቀደም ተወሲዱ ሸለል ዝበሃል ኣይኮነን። ብዓበይቲ ክጽናዕን ክፍለጥን ኣለዎ። ናይ ቀደም ከይሓዝካ ናብ ለሚ ክትመጽእ ኣይትኽእልን። ናይ ቀደም ከየኽበርካ ኸኣ ሕጂ ኣይትኸብርን ኢኻ።

ስለዚ፡ እቲ ናይ ቀደም ብመልክዕ ምስሉ፡ ጨፈራ፡ ጸውጸዋይ፡ ወዘ . . . ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ኸኣ ካብዚ ሕጂ ባዕልና እንነብሮ ብየአርት ዕጽፊ ዝሓየለ እዩ። መልእኽቱ ጥራሕ ዘይኮነስ ወላ'ቲ ኣበሃህላ ሓያል'ዩ። ኣብዚ'ዩ እቲ ዓሚቕ መጽናዕትን ምርምርን ዘድሊ። ኑተን ብልጭ-ብልጭ ዝበሃል ወሲድካ ከተቕርቦ ኣይግባእን። ክብሪ ኣብቲ ናይ ያታዊ ስረት እዩ ዘሎ።



**ሓደ ካብ ንዕበየት ስነ-ጥበብ ዝሕግዝ ምህላዉ ውድድራት ስነ-ጥበብ እዩ። ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ ብዙሕ ናይ ውድድር መድረኻት ኣሎ። ገሊኡ ይመጽእ ይኸይድ፣ ገሊኡ ይቕጽል። ተጀሚሩ ዝቋረጽ ከኣ ብዙሕ'ዩ። ተራ ውድድር ኣብ ዕበየት ስነ-ጥበብ ብሓፈሻ ከመይ ትርእዮ?**

ኣብ'ዛ ናይ ለሚ ዓመት ፌስቲቫል፡ ጠርናፊ ናይ ፌስቲቫል ጸብጻብት ነይረ። ነቲ ንጥፈታት ብዓይኒ ውድድር ንኽንርእየም'ውን ደያኑ ኣዋፈርና ኢና። ብኸምኡ ኸኣ ተራእዩ። ደሓር ግን ኣብ ኣተሓሕዛ ለውጢ ዘይንገብር ዝብል ርእይቶ መጺኡ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዞባታት ብዘቕረብኦ ትሕዝቶ ተገምጊመን ይሸለማን ደረጃ ይሕዛን ነይረን። ለሚ እቲ ኣበሃህላ፡ 'ስብሲ ንውድድር ጥራሕ ደዩ ዝሰርሕ? ኣብ ፍሉይ መድረኽ ደዩኸ ክውዳደር ዘለዎ? ኩሉ ግዜ ኣብ ውድድር ክነብር ኣይግብኦን ደዩ?' እያ እታ ዝመጽኣት ኣመለኻኽታ።

ህይወትና ኩሉ ግዜ ኣብ ውድድር እያ ዘላ። መብርሂ ክህበና እንከሎ ኮምሽር፡ 'ካብ ጉዳ ክንወጽእ ከለና ንውድድር ኢና ንቐረብ' ኢሉ ነይሩ። ኣብ ከብቢ'ኻ ጸቢቕካ ክትርእ ምድላይ ናይ ውድድር ተግባር'ዩ። በዚ ሓሳብ ድማ'ዩ ለሚ ዓመት ተፈቲኑ። ሓለፍቲ ባህልን ስፖርትን ዞባታት ተጸዊዖም መብርሂ ተዋሂቡዎም። 'ስለምንታይ ኮፓ ንኽወስድ ጥራሕ ምውድዳር ይኸውን? ኣነ ብሉጽ ስራሕ ከሰርሕ'የ ሞ ተዓዘቢ ኹኑ ምስክረይ' ኢልና ዘይንቐረብ ተባሂሉ። ዚ ዘደንፍዎ ነይሮም፡ ዝተቓወምዎ'ውን ነይሮም። ንሕና ምስ ተዋገርና፡ እንታይ ጸገም ኣለዎ'ሞ ዘይፍተን ኢልና። ገለ ዞባታት ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት ሓጺር ግዜ ዘቕረብኦ ካብቲ ነዊሕ ምድላው ዝዕብራሉ ዝበለጸ ነይሩ። ኣብ ዝሓለፈ እቲ ብልጫ ኣብ ወሰናት ዞባታት ይሕጸር ነይሩ። እቲ ሰክፍታ'ውን ካብዚ'ዩ ዝቕል።

ንሕና ሰብ ኣብ ማሰርሕ ኢና ክንስሓሓል ክንምዕብል ዘሎና። ሰብ ከኣ ብባህሪኡ ኣነ ክስዕር በሃላይ እዩ። ክስዕር ኣይደልን'ዩ። ብልጫ ኸኣ ንወሰናት እዩ ዝወሃብ። ኩሉ ግዜ ድማ ምስ ኣኻየድቲን ደያኑን ጸገማት ይፍጠር እዩ። ክፍጠር ከኣ ባህርያዊ'ዩ። ኣብ ውድድራት ኩሉ ግዜ ሓገጸገጽ ኣሎ። ካብዚ ሓገጸገጽ ከኣ ምርቓቕ ኣብ ዳኛት ማዕበለ። ቅድም ደያኑ ሂጥቦም ይህቡ ነይሮም። ብድሕሪኡ ናይ ኩላቶም ነጥቢ ተደሚሩን ተመቒሉን ገምጋም ነጥቢ ይፍለ ነይሩ። ደሓር ግን ካልእ ኣገባብ መጺኡ። ደያኑ ሃጥቦም ይህቡ'ሞ ኣብቲ ዝሃቡዎ ነጥቢ ይኣትዉ። ስለምንታይ ዛ ዞባ እዚኣ ክንደዚ ነጥቢ ሂቢኪያ ዝበል ሕቶ ኣልዒልካ ትካታዕ።


ስለ'ዚ፡ 50 ሚእታዊ ደያኑ፡ 50 ሚእታዊ ከኣ ብኸትዕ ከም ዝኸውን ተገይሩ። ካልኣይ ኣብቲ መጀመርያ ወጽኢት ኣብ መዛዘሚ ፌስቲቫል ገሊጽካ ይውዳእ ነይሩ። ደሓር ግን ኩለን ንውድድር ዝቐረባ ኣካላት ወከልተን ሰዲደን ዝርዝር ኣወሀባ ነጥቢ ክነግረን ተጀሚሩ። ግሉጽነት መጺኡ ማለት'ዩ። ኣብ ክንዲ ናብዚ ናይ ግሉጽነትን ተጻዋርነትን እናኣብልና እንኸይድ፡ ገሊኦም ስዕረቶም ክቕበሉ ብዘይምኽኣል ናብ ዘየድሊ ስሚዒት፡ ክሳዕ ምስ ደያኑ ናብ ጎቦጽ ክኸዱ ይርአዩ።

እዚ ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ ካብ ዘጋጥም'ዩ። ብናይ ውልቀይ ርእይቶ፡ ውድድር ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ተጻዋርነት ግን ክንሰርሓ ኣሎና። መረዳእታ ክንሓትት ደኣ'ምበር ቁሎጭ-ቁሎጭ በሃልቲ ክንኸውን ኣይግባእን። ዝጠዘለ ክርክር ኣብኡ'ዩ ድሕሪት ዝወጽኡ ዘይኮኑ ኣብኡ'ዩ ቅድሚት ዝወጽኡ'ዩ ዝርአ። ብኸመይ ኩሰቶ ቐዲሙኒ ዝበል ስምዒት ይለዓል። ውድድር ኣብ ስነ-ጥበብ ምሉእ ዓለም ኣገዳስነቱ ርእዩ ዝጥቀመሉ'ዩ። ኣገዳስነት ስለ ዘለዎ እንድዩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብልጫ እንህብ፡ ሞያውያን ዚያዳ ንኽጽዕሩ፡ ንኸበርክቱ፡ ዝበለጸ ንኽሰርሑ፡ ዚያዳ ንኽመራመሩ፡ ፍሉይ ስራሕ ንኽሰርሑ እዩ ስነ-ጥበባዊ ውድድራት ዝካየድ።

ውድድር ሃልዩ ጸንዕ ሕግታት ዳኛትን ዝሰልጠኑ ደያኑን ግን የድልዩ። ዝወሃብ ብይን ክትቅበል እንተ ዘይዓጊብካ መረዳእታ ክትሓትት ደኣ'ምበር ኣንጻር ደያኑን ኮሚተን ክትልዓል ኣይግባእን። ኣብዚ እቲ ተጻዋርነት ከሃጥርዮ ኣሎና። ምጥራራት ደያኑ ክህልዉ ኣለዎም። ፌስቲቫል ናቱ ሕግታት ክህልዎ ኣለዎ። ብሸነኽ ደያኑ ጉድለታት እንተ ተራእዩ ዝኣርም፣ ብሸነኽ ተወዳደርቲ፡ ብሸነኽ ኣካየድቲ ኹሉ ሕጊ ክወጸሉ ኣለዎ። ሰብ ሕጊ እንተ ዘይሃልዩ ቀይዲ ኣልቦ'ዩ። ሕጊ'ዩ ዘኸዶ ንሱ፡ ሕጊ ኸኣ ሰቕ ኢሉ ኣይተፈጥረን።

መሰርዕ ንኸትሕዞ፡ መኣዝንኻ ንኸይተጥፍእ ሓልዩ ንኽሕዞካ'ዩ። ስለዚ፡ ኣብቲ ዝርኣ ጉድለታት ኣይትዛረቡ ኣይበሃልን። ብሃናጺ መንገዲ ግን ክቐርብ ኣለዎ። እቶም ደያኑ ኸኣ ምምጣን ንብዕሉ ሞያ ስለ ዘኸኑ ኣብቲ ዓውዲ ፍልጠቶም ክዓቢ ኣለዎ። ናይ ምምእዛን ክእለት ክዕቢ ክንደፍእ ኣሎና።

ይቕጽል



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሪፓርታዥ

ሸሻይ ሓይልኣብ

# “ወግዒ ምስ ጥበብ ቀዳሞት”

ሓሙስ 31 ነሓሰ 2023 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ሃማመተኤ ብደራስን ተመራማሪ ባህልን ሕብረተሰብን በረኸት ኣማረ፡ “ወግዒ ምስ ጥበብ ቀዳሞት” ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ካብታ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” እትብል መጽሓፉ ዝተፈላለየ ያታዊ ወግዕታትን ኣፋዊ ስነ-ጽሑፍን ኣቕሪቡ። በረኸት ኣማረ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብዙሕ ስነ-ጥበባዊ ስራሕት ዘፍረየ እዩ። ገለ ካብ ፍርያቱ ንምግላጽ፡ ንዝተፈላለዩ ድምጻውያን ከም፤ ሳንዳይ ነቒለን፡ ወይናይ፡ ድንግል ልበይ፡ ደባይ፡ ዕንበብ፡ ኣይትበሉኒ ዘይራን ካልእን ዝብሉ ደርፍታት ንድምጻውያን ሂቡ። ከምኡ’ውን ኣብ ናይ መድረኽ ድራማታት ጓል ከንቶቦትን ጀገር ወዲ ወልዱን ዝብላ ናይ መድረኽ ድራማታት ብቐጥታ ፈነወ ናብ ተዓዘብቲ ኣቕሪቡ። ከም ተዋሳኣይ ኮይኑ፡ ኣብ ማሰኛ፡ በትሪ ሓቂ፡ ፍትሒ፡ ዝብላ ድራማታት ከምኡ’ውን ተኸታታሊት ፊልም እምነት ተዋሲኡ። ብ2019 ምርምራዊት መጽሓፍ ንኣፈ ታሪኽን ስነ-ትውልን ህዝቢ ኤርትራ እትገልጽ፡ “ታሪኽ ሰንሰለት ወለዶታት” ቀዳማይ መጽሓፍ እትብል፡ ንሓድነትን ሕውነትን ህዝቢ ኤርትራ እተንጸባርቕ ዓባይ መጽሓፍ ናብ ህዝቢ ኣቕሪቡ። ቀጺሉ ብ2021 ኣብ ንግድን ማሕበራዊ መነባብሮን ዕውት ዝኾኑ ኣቶ ኣለም መሓረና፡ ንታሪኽ ህይወቶም እትገልጽ “ኣእምሮይ ኣስፊሐ ጸጋይ ኣብዚሐ” እትብል መጽሓፍ ጽሒፉ። ብ2022-23 ከኣ ምርምራዊት መጽሓፍ ንያታዊ ደርፍታትን ዛንታታትን ብሓፈሻ፡ ንያታዊ ክብርታት ሕብረተሰብ እተንጸባርቕ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” እትብል መጽሓፍ ናብ ህዝቢ ኣቕሪቡ። ደራሲ በረኸት ኣማረ ኣባል ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኮይኑ ኣብ ባህላዊ ምርምር ዝነጥፍ ዘሎ መንእሰይ እዩ።

ኣብዚ ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝቐረበ መደብ ብዙሓት ተሳተፍቲ ተቓደስቲ “ወግዒ ምስ ጥበብ ቀዳሞት” ክኾኑ ክኢሎም እዮም። ደራሲ በረኸት ኣማረ ኸኣ ኣብ መጽሓፍ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” ንዘለዉ ያታዊ ደርፍታትን ወግዕታትን፡ መልእኽቱን ትሕዝቶኡን እናገለጸ ብዜማ ኣሰንዩ ንተሳተፍቲ ብዝግባእ ብቕዓት ኣቕሪብሎም። ያታዊ ትሕዝቶታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ መጽሓፍ ተሰኒዱ ክቐርብ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ ኣብዚ መጽሓፍ’ዚ ተሰኒዱ ዘሎ ትሕዝቶታት ንጣብ ካብ ባሕሪ እዩ። ናይ ኵለን ቋንቋታትና ያታታት ድማ ዋላ ብዝወሓደ ብኸምዚ እንተ ዝስነድ ንዝመጽእ ወለዶ መንነቱን እንታይነቱን ከበራሃሉ ምኸኣለ ክብል ጸቒጡ ገሊጹ።

በረኸት ኣማረ ኣብ መግለጺኡ፡ ከምቲ “ሰብ ብያታ፡ እኽሊ ብገበታ” ተባሂሉ ዝምሰል፡ ኵሉ ነገር መዐቀኒ ከም ዘለዎ፡ ማለት እኽሊ በቲ ያታዊ መዐቀኒኡ፡ ወዲ ሰብ ከኣ ኣብ ሕሉፍ ያታታት ቀዳሞት ወለዲ ብዘለዎ ፍልጠት ክዕቀን ግድን እዩ። ብኸምዚ ኸኣ “ሰብ ብያታ እኽሊ ብገበታ” ተባሂሉ ይምሰል፡ ክብል ደቂ ሰባት ብሕሉፍን ህልውን ፍልጠቶም ከም ዝዕየሩ ኣብሪሁ። ቀጺሉ ካብቲ ካብ መጽሓፍ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” ተሰኒዱ ዘሎ፡ ንማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ዝገልጽ ደርፍታት ኣመጻጽእኡን ትሕዝትኡን ብዜማ ኣሰንዩ ኣቕሪቡ። ገለ ካብቲ ዝቐረበ ንምጥቃስ፡

ሓሪ ሓላፋይ’ዩ ሓሪ
ሰውነትካ ምቕያር ነውሪ።

እዚ ያታዊ ደርፌ’ዚ፡ ሓዚልዎ ዘሎ መልእኽቲ “ሓሪ” ዝብል ቃል ንድርቂ ወይ ስእነት ዝገልጽ ኮይኑ፡ ስእነት ወይ ጥሜት ኣብ ዘጋጥመሉ፡ ኣብ ነንሕድሕድካ ካብ ምጥልላምን ምክሕሓድን ተሓጋገዝካን ተደጋጊፍካን ክሕለፍ ከም ዘለዎ ዘብርህ እዩ። ኣብ ዝሓልፍ ግዜ ዘይሓልፍ ክፉእ ነገር ሰሪሕካ ንዘይምሕላፍ፡ ዝምዕድ ያታዊ ደርፌ እዩ ክብል ኣብሪሁ። ቀጺሉ፡ ኣብ መንጎ ክልተ እንዳ ሕማ ማለት ወድን ጓልን ዝተዋሃህቡ ስድራቤት ዘጋጥመ ናይ ድኽነትን ሃብትን መስርሕ፡ እቶም ዝተሓጽዩ ወድን ጓልን ነቲ ዘጋጥመ ስእነት ብኸመይ ከም ዝፈትሕዎ ኣብ ያታዊ ደርፍታት ከም እንረኽቦ ክገልጽ ከሎ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፤ “እቶም እንዳ ወዲ ስእነት ወይ ድኽነት ስለ ዝነበሮም ነቲ ሓደ ብዕራዮም ሸይጦም እኽሊ ክሽምቱ ወሰኑ። ነቲ ዝተሓጽየ ወዶም ድማ ነቲ ብዕራይ ሒዙ ንዕዳጋ ክኸይድ ለኣኽዎ። እቲ ወዶም መልእኽቱ ክፍጽም ብዕራይ ኰብኵቡ ንዕዳጋ ክኸይድ ከሎ እታ ሕጽይቱ ትርእዮ’ሞ፡ እዚ ብዕራይ እንተ ሸይጠሞ ደኣ ‘ጽባሕ ኣነ ናብቲ ገዛ ምስ ኣተኹኽ ብምንታይ ሓሪሱ ክናብረኒ እዩ’ ኢላ ብምሕሳብ፡ ከምዚ ዝስዕብ ክትብል ደረፈትሉ፤

ጸገምስ ንሰዶ ርስሓትስ ንሰዶ
ወዲ ዓዲ ሳምካ ዕዳጋ ኣይተርዶ

ኢላ ደጋጊማ ምስ ደረፈትሉ፡ እቲ ሕጹያ ነቲ ደርፋ ብትኹረት ምስ ኣስተማቕሮ፡ ነቲ ብዕራይ ሒዝዎ ንገዛኡ ተመልሰ። ንጸባሒቱ እታ ሕጽይቱ ዕትሮ ተሰኪማ ንማይ ክትወርድ ምስ ርኣያ ደድሕሪኣ ንሩባ ወረደ’ሞ፡ ንሳ ኸኣ ካብቲ ማይ ክትወርደሉ ኢላ ዝሓዘለቶ ዕትሮ እኽሊ ኣውጺኣ ናብ ነጻላ ሕጹያ ገልበጠቶ። ብተደጋጋሚ ከምዚ እናገበረት ከኣ ነቲ ሕማቕ እዋን ንእንዳ ሕማኣ ኣሰጋገረቶም። ነዚ ሰናይ ተግባራ ዘስተውዓለ ሕጹያ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ክብል ደረፋላ፡



ኣቲ ቐጣን መዓንጣ ከም ውላድ ተመንየ
በይና ዘይትበልዕ ኣብ ሕማቕ ዘመንየ፡
ኣቲ ቐጣን መዓንጣ ውላድ ጤለ በዱ
በይና ዘይትበልዕ ኣብ ዘመን ኣካሒዱ።

ክትብል ደረፈትሉ” ይብል በረኸት ኣማረ። ያታዊ ደርፍታትና ንጹር መልእኽትን ተዘካሪ ዜማን ዘለዎ ብምዃኑ ክሳዕ እዚ እዋን’ዚ ኣብ እዝኒ ሰማዒ ተሰቒሩ ይርከብ ብምባል፡ ያታዊ ደርፍታትና ኣብ ፖለቲካ ጣልቃ ብምእታው ድማ መልእኽቱ የመሓላልፍ ከም ዝነበረ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣቕሪብዎ።

“ኣብ ሜዳ ኤርትራ ናይ ስነ-ሓሳብ ምፍልላይ ተፈጢሩ ክልተ ውድባት ምስ ተፈጥራ፡ ኣብ መንጎ እተን ውድባት ግርጭት ምስ ተላዕለ፡ እቲ ፍቕርን ሰኒትን ደቁ ዝምነ ህዝቢ ነቲ ዘጋጠመ ምፍልላይ ብኸምዚ ዝስዕብ ደርፌ ሓሳባት ክገልጽ ጀመረ፡

የሕዋት ኢና ንተዓረቕ
ኣብ መንጎና ጸሓይ ይብረቕ።

ብምባል፡ ሰሚሮም ነታ ዝምነይዋ ናጽነት ሓቢሮም ንሓደ ዕላማ ክቃለሱ ከም ዘለዎም ዝምዕድ ደርፌ ደሪፎም። ብድሕሪ’ዚ ሰሚሮም ተዓሪቖም ዝብል ብወረ ወረ ምስ ተሰምዐ ኸኣ ካብ ሓጐስ ዝተላዕለ ብፍላይ ከኣ ኣደታት ከምዚ ዝስዕብ ክብላ ይደርፋ ነበራ።

ተዓሪቖምያ ’ዞም ደቀይ
ከኣስር ወርቀይ፡

“እዚ ያታዊ ደርፍታትና፡ ያታ ስለ ዝኾነ ጥራይ ዘይኮነ ክስነድ ዘለዎ፡ ታሪኻዊ ብምዃኑ’ውን ክስነድ ዝግብኦ ውርሻና እዩ” ብምባል፡ ወግዑ ቀጸለ።

ደራሲ በረኸት ኣማረ፡ መቐረትን መልእኽትን ያታዊ ደርፍታት ቀዳሞት እናገለጸ፡ ዒደረ ናብ ዝብል ያታዊ ደርፌ ሰጊሩ። “ዒደረ፡ ኣብ ኣጋጣሚታት ዝድረፍ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ካብ ልምድታትን ስነ-ምግባርን ወጻኢ ንዝገበረ ሰብ፡ ካብቲ ነገር ክቝጠብን ንዕላልን ዝገበረ ሰብ፡ ካብቲ ነገር ክቝጠብን ንሓደ እዋን ሓንቲ ጓል ቀድሚ ምምርዓዋ ትጠንስ እሞ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከይተመርዓኻ ምጥናስ ጽያፍ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ መሓዙታ ይኹና ካልኦት ክጥርጥርዋ ጀመሩ። ‘እንታይ ደኣ እዚ ከብድኺ ዝዓበ ዘሎ?’ ኢሎም እንተ ሓተትዋ ኸኣ ‘እንታይ ከም ዝኾንኩ ኣይፈልጥን ከብደይ ተነፊሐ፡’ እናበለት ትምልሰሎም ነበረት። መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጽኡ ከም ዝበሃል ግዜ ሕርሳ ኣኺሉ ምስ ሓረሰት፡ እቶም ጠርጢሮማ ዝጸንሑ፡ ብቐጥታ ዒደረ ደረፉላ፤

ዋይ’ዛ ገንበር ጊሐየ
ጠኒሰ ኸይትብል
ከብደይ ተነፊሐየ።

“ሓደ እዋን ከኣ ሓደ ሰብኣይ ሰበይቱ ፈቲሓቶ በይኑ ምስ ተረፈ፡ ኣብ በረኻታት እናኸደ ኣዋልድ ይኹና ምርዕዋት ክኸትር ጀመረ’ሞ፡ እቶም ደቂ ዓዲ ምስ ፈለጥዎ፡ ካብ ዝገብሮ ዘሎ ኣጸያፊ ነገር ክቝጠብ ኢሎም ከምዚ ዝስዕብ ክብሉ ዒደረ ደረፍሉ፤

ደስታየ በላዒ ገዓት
ዝራባዓት’ኳ ዝፈልጡ መላኣት።

ብድሕሪ’ዚ ደራሲ በረኸት ኣማረ፡ ናብ ወርሒ ጥሪ ብምእታው ብዛዕባ ኣገባባት መርዓ ማለት ከመይ ገይርካ ጓልኩም ሃቡና ከም ዝበሃል፡ ናይ ሕጸ ኣገባብ ብኸመይ ከም ዝፍጸም፡ ምቕንጣጥን ኣገባቡን፡ ብዛዕባ ጸዋር ሕጸ (ሕልፎት) እንታይ እናበሉ ከም ዝኣትው፡ ብደርፌ እናሰነየ ሰናይ ምሸት ኣምስዩና።

ገለ ካብቲ ናይ ምቕንጣጥን ናይ ጸዋር ሕጸን ደፍታት ንምጥቃስ፤

ኣብ ከብዲ ኢደይ ነቲዓ ለሚንየ
ኣጆኺ ሓፍተይ በዚኣ ሰሙን።

እዛ ዲኖኺ ምነውያየ
እዛ ዲኖኺ ምነውያ
ድሕሪ ኸድክሲ ሓዳር’ያ።

ኣሸንኳይ ዲኖ ናይ መርዑትየ
ዕንቀኳ ባይሩ’ኳ ዘይመነወትየ።

ዛዲኖኺ ዛዲኖኺ
ኣይመነኽያን ዲኺ።

እዛ ዲኖየ ዲኖ ብተይ
ዲኖይዶ ርኢኽን መሓዘተይ።

ሻምኖየ ጓል ሻምኖ
ዲኖ ሽራራዶ ይምኖ።

ብዜማ ኣሰንዩ ተሳተፍቲ ከም ዘስተማቕርዎ ገይሩ ብወኒ ኣቕሪብዎ። ጸዋር ሕጸ ኣብ ሕልፎት እናደርፍዎ ዝኣትው ድማ በቲ ምቁር ዜማ እናሰነየ ከምዚ ዝስዕብ ክብል ኣቕሪብዎ።

ክሕሎየ ብላምፓዲና
ትሕሎየ ብላምፓዲና።

እናበሉ ድሕሪ ምእታው፡ ጸዋር ሕጸ ተደሪሮም ምስ ወድኡ ኸኣ እተን ደቂ ዓዳ ንጓል ከምዚ ዝስዕብ ክብላ፡ ይደርፋ’ሞ፡ እቶም ጸዋር ሕጸ ክጻወቱ ይጅምሩ፤

ወናም ተሎ ምስ ከበሮ
ተላዓል በሎ፡
ኣይትላዓል እንዶ እይትላዓል እንዶ
ጐበዝየ ‘ታ በዓል ማዕዶ፡

ድሕሪ ምባለን ነቶም ጸዋር ሕጸ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ክብላ ይደርፋሎም፡

ጸዋር ሕጸ
ንዓ ተቒጸ ይብላኻ ’ለዋየ፡

ንሳቶም ከኣ ንኽብሪ እታ መርዓት ኢሎም ከምዚ ዝስዕብ እናበሉ ናብቲ ዝጅምር ዘሎ ጓይላ ይኣትዉ።

ነዛ ሓፍተይ እዛ ዝፈትዋ
ኮኾብ ሰማይዶ ሒዘ ኽኣትዋ፡

ብድሕሪ’ዚ ብዛዕባ መዓልቲ መርዓን ናይ ዋሕስ ኣገባብትን ብዝርዝር ንተሳተፍቲ ብምግላጽ ነቲ ወግዒ መሊሱ ኣመቂርዎ። ገለ ካብቲ ኣብ ግዜ ዋሕስ ዝበሃል ኣገባብት ድማ፡

“ዋሕስ ኣቶ እገለ
ጓልና ወ/ት እገሊት
ጓል ኣቶ እገለ
ጓል ወይዘሮ እገሊት
ኣብ ዝሓደረቶ ዓዲ
ኣብ ዝደቀሰቶ ንእዲ
ኣሸበሸብ ጸገም ምስ ዘጓንፉ
ብቐጢን ኣውያታ
ብዘፋር ንብዓታ
ተሰንያ ዝበለቶ
ብሁል ክኸውን
ትወሓሱዶ ንጉስ ይምቱ፤”

መጽሓፍ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” ናይ 12 ወርሒ ንጥፈታ ዝሓቘፈት ከም ምዃና ሓዚላቶም ዘላ ትሕዝቶታት ብሓደ ምሸት ክጽንፈፉ ዘይሕሰብ’ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ካብ ወርሒ ጥሪ ናብ ወርሒ መስከረም ነጢሩ ብዛዕባ ኣብ ወርሒ መስከረም ዝጽወት “ዕምበብ” ዝበሃል ጸወታ ብዝርዝር ገሊጹ። እዚ ዕምበብ ዝበሃል ጸወታ ኣብ ስመጃናን ከባቢኡን ዝጽወት ኮይኑ፡ ምስ ኣሸንዳ ዝመሳሰል እዩ። ካብ ጻጉሜን ክሳዕ መስቀል ኣብ ዘሎ መዓልታት ከም ዝጽወት ድማ ገሊጹ። ብሓፈሻ ኣዳራሽ ዳዕሮ ያታ ያታ እናሸተተት ኣምሰየ። መጽሓፍ “ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ” ኣዝዮም ብሉጻት ወግዕታት ቀዳሞት ዝሓቘፈት ከም ምዃና፡ ኣብቲ ምሸት ከነስተማቕራ ዕድል ረኺብና። ኣብ መወዳእታ ብተሳተፍቲ ናይቲ ምሸት ነቲ ሓቐፋቶ ዘላ ትሕዝቶታት ዘሀብትምን ንደራሲ እዛ መጽሓፍ በረኸት ኣማረ ዘመጉስን ርእይቶታትን ሓበሬታትን ብምቕራብ ተዛዚሙ።



# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ይሕደጋ ተኽሉ ዑቕባእዝጊ ምግል ተሪፉ፡ ምስጋና ተኽሉ ዑቕባእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ኣቶ ክብሮም መንግስትኣብ ንብረስላሴ፡ ኣደይ ሽማይዝሽ ፍስሓጼን ማሓሪ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ

ፍቓዱ ተፈሪ ውብሸ ምግል ተሪፉ፡ ፈቓደ ተፈሪ ውብሸ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረስላም መሓሪ ሃንስ ምግል ተሪፉ፡ መረሕስላም መሓሪ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቀሓውታ ዚፕ ኮድ 1A176 ፕሎት 5 ፓርሰል F1 ጎደና 716-10 ቁ.ገዛ 34 ስፍሓቱ፡ 250ት/ሜ ዝኾነ ተሪ-ገዛ ዋንነቱ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑምስክር ወረቐት 105059 መወከሲ. ቁ.123095 ብስም ኣዴና ኣፍ/ዑቕባማርያም ካፍል ተሰማ ዝተረጋገጸ ከምኡ'ውን ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁ.ንብረት 1፡ 013306 ዝተመዝገበ ናብ ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለዝኾንና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተር ይቕረብ።

ተስፋይ ፍስሃጼን

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ ዝዘበሃልኩ፡ ወላዲየይ ኣፍ/ሄር ኣርኣያ ስብሃቱ ብዕለት 16/04/2010 ብመዝ/ቑጽሪ 75/2010 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ዝገበረለይ ግሉጽ ናይ ጽሑፍ ለበዋ መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 03 ምም 01ጎደና ዓዲርሶ (ልብሩ-ደንግል ነበር) ዚፕ 172 ቁ.5 ቁ. ሎታ 104 ቁ.ፓርቸላ ዞን ብምስክር ወረቐት 102411 መወከሲ. ቁ.108424 ተመዝገቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብለበዋ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ

ኣመልካቲት ኣነ ወ/ሮ ኣብርሀት ሃይለ ከበደም ዝዝበሃልኩ፡ ሕጋዊት ወኪል ጓለይ ኤልሳ ስእሉ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ን/ዞባ ኣኽርያ ቁጽሪ ገዛ 29 መለለይ ቁጽሪ ገዛ 1BRSM 018697 ዚፕ 1A167 ፕሎት 6 ፓርሰል E ስፍሓት መሬት 262 ቀንዲ ክፍልታት 7 ክሽነ 1 ዓይኒ ምድሪ 1 ዝኾነ፡ ካብ ወላደየይ ነ/ሄር ሃይለ ከበደም ብርሃ ብቑጽሪ መዝገብ 45/1972 ዓ.ም ብዕለት 15/01/1972 ዓ/ም ብውርሻ ዝረኸበቶ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወረቐት ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣብርሀት ሃይለ ከበደም ሕጋዊት ወኪል ኤልሳ ስእለ

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ ዝዘበሃልኩ፡ ወላዲየይ ኣፍ/ሄር ኣርኣያ ስብሃቱ ብዕለት 16/04/2010 ብመዝ/ቑጽሪ 75/2010 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ዝገበረለይ ግሉጽ ናይ ጽሑፍ ለበዋ መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 03 ምም 01ጎደና ዓዲርሶ (ልብሩ-ደንግል ነበር) ዚፕ 172 ቁ.9 ቁ. ሎታ 104 ቁ.ፓርቸላ A/BIS፡ ብምስክር ወረቐት 102410 መወከሲ. ቁ.108425 ተመዝገቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብለበዋ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ


ቤት ኣልያንስ ፍራንሰዝ ሰሉሱ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀማሪ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 18 መስከረም ክጅምር ምዃኑ ክሕብር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳልዩሎም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ ኣሎ።

ብደሓን ምጹ ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፡ ጎድኒ ቤት ማይ ተለፋ ጥቓ ዓርሞ ፈለስፋንት ኣሎ።







## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ዑቕባይ ናይዝጊ ተስፋሚካኤል ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናግለጽና፡ ክሳብ ሕፃብርቲ ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ብኣካልን ብቴሌፎንን ካብ ውሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ሓዘንና ከምዝዋጸና ብምሕብር፡ ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ፡ ጸሃይቱ የሴፍ ተስፋሚካኤል ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ ዝዘበሃልኩ፡ ወላዲየይ ኣፍ/ሄር ኣርኣያ ስብሃቱ ብዕለት 16/04/2010 ብመዝ/ቑጽሪ 75/2010 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ዝገበረለይ ግሉጽ ናይ ጽሑፍ ለበዋ መሰረት፡ ኣብ ማብቖል ዓድና ዓዲ ጉዳ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ዝርከብ ተራ ናይ ጤሳ መንበሪ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ ዝዘበሃልኩ፡ ወላዲየይ ኣፍ/ሄር ኣርኣያ ስብሃቱ ብዕለት 16/04/2010 ብመዝ/ቑጽሪ 75/2010 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ዝገበረለይ ግሉጽ ናይ ጽሑፍ ለበዋ መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 03 ምም 02 ጎደና እምባረሚ (ሳህለ ስላሴ ነበር) ዚፕ 177 ቁ.88 ቁ. ሎታ 78 ቁ.ፓርቸላ A/BIS ብምስክር ወረቐት 102412 መወከሲ. ቁ.108426 ተመዝገቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብለበዋ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ ዝዘበሃልኩ፡ ወላዲየይ ኣፍ/ሄር ኣርኣያ ስብሃቱ ብዕለት 16/04/2010 ብመዝ/ቑጽሪ 75/2010 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ዝገበረለይ ግሉጽ ናይ ጽሑፍ ለበዋ መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 03 ምም 01ጎደና ሰማእታት (ኤልሳቤጥ ነበር) ቁ. 203/207 ቁ. ሎታ 104 ቁ.ፓርቸላ A/BIS፡ ብምስክር ወረቐት 102409 መወከሲ. ቁ.108421፡108422፡108423 ተመዝገቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብለበዋ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ምሕረትኣብ ኣርኣያ ስብሃቱ



## ሓበሬታ

- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡

ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ሰቕታ ጎዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## መራሒ ሰ/ኮርያ፡ ካብ ሩስያ ድሮናት ብመልክዕ ህያብ ተቐቢሉ

ኣብ ፈደረሽን ሩስያ ናይ ስራሕ ዑደት ክፍጽም ዝቐነየ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ-ኡን፡ ካብታ ሃገር ሓሙሽተ ድሮናት ብመልክዕ ህያብ ከምእተበርከቶሉ ተገሊጹ።

ብመሰረት መርበብ ሓበሬታ 'ራሻ ቱደይ'፡ ኪም ጆንግ-ኡን ኣብቲ ሻዱሻይን ናይ መወዳእታን መዓልቲ ዑደቱ እዩ ነተን ድሮናት ተቐቢሉወን።

ገለ ካብኣተን 'ካሚካዘ' ዝተባህላ ኮይነን፡ ኣብ ልዕሊ ዒላማታት ጸላኢ ተቐቲተን ብምውዳቕ ነቲ ዝጸንሐ ተባራዒ ጭኦታ ዝፍንጅራ ኣዝየን ሓደገኛታት ድሮናት እየን።

እተን ዝተረፋ ድሮናት ከኣ፡ ኣብ ስለያን ሓለዋን ዝገልግላ 'ጀራን-25' ዝተሰምያ ምኳነን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኪም ጆንግ-ኡን ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ጥይት ዝከላኸል - ኣብ ኣካላት ዝውደ ድርዒ'ውን ከምእተበርከተሉ፡ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ኪም ጆንግ-ኡን፡ ድሕሪ 2019 ንመጀመርታ ግዜ ዝሓለፈ ሰሉስ እዩ ብድርዕቲ ባቡር ኣቢሉ ሩሲያ ኣትዩ።

ኣብታ ሃገር ኣብ ዝጸንሓለን መዓልታት፡ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን ካልኦት ላዕለዎት ሰብ-ስልጣንን ተራኺቡ ክዘራረብ እንከሎ፡ ኣብ ሓያለ ወተሃደራውን ሲቪላውን ቦታታት ድማ ዑደት ከምዝገበረ ይንገረሉ።

ዋላ'ኳ ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ርክቦም ዝኸሰቱ ወተሃደራዊ ስምምዓት እንተዘይኮነ፡ ሩሲያ ንሰሜን ኮርያ ኣብ ምምዕባልን ምውንጫፍን ሳተላይታት ክትተሓጋገዛ ምዃና ኣፍሊጣ ኣላ።



## ኣመሪካ፡ ዋጋ 80 ሚልዮን ዶላር ነፋሪት ውግእ ተሰዊራታ

ካብ ራዳር ተኸዊላ ብሰላሕታ ናይ ምብራር ዓቕሚ ከምዘለዋ ዝንገረላ 'F-35' ዝተባህለት ነፋሪት ውግእ ኣመሪካ፡ ኣብ በረራዊ ተልእኾ እንከላ ጠንቁ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ከምእተሰወረት ይግለጽ ኣሎ።

ሓለፍቲ ክፍሊ ምክልኻል (ፔንታጎን) ድማ፡ እታ ነፋሪት ኣበይ ከምዝኣተወት ንምፍላጥ ስለዘሸገሮም፡ ካብ ህዝቢ ናይ ሓበሬታ ሓገዝ ክሓቱ ተገዲዶም ኣለው።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና ኣመሪካ፡ እታ ዝተሰረቐት ነፋሪት ውግእ ዋጋኣ ኣስታት 80 ሚልዮን ዶላር ኰይኑ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ናይ ክፍለ-ሃገር ሳውዝ ካሮላይና እናበረረት እንከላ ኣብራሪኣ ሃንደበት ገዲፋዋ ብፓራሹት ተሓጊዙ ምስ ወረደ እያ ተሰዊራ።

ዋላ'ኳ እቲ ፓይሎት ብህይወት ክድሕን ክኢሉ እንተሎ፡ ሃለዋት ናይታ ነፋሪት ግን ክሳብ ሕጂ ክርከብ ኣይተኻእለን ዘሎ።

ንምርካብ ኩሉ ዝከኣሎም ፈቲኖም ዝተሓለሉ ሓለፍቲ ፔንታጎን እምበኣር፡ ትማሊ ሰኑይ 'ዝረኣየ ዓይኑ ይብራህ' ዝብል ሓበሬታ ናብ ህዝቢ ብምዝርጋሕ፡ 'ክትወድቕ ርእናያ' ዝብሉ ውልቀ-ሰባት እንተሃልዮም ክሕብሩዎም ተማሕጺኖም ኣለው።



## ደ/ኮርያ፡ ስጋ ከልቢ ምምጋብ ክትክልክል. . .

ኣባላት ባይቶ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብታ ሃገር ስጋ ከልቢ ኣብ ዕዳጋ ምሻጥ ኮነ ምምጋብ ክኽገድ ዝጠልብ ሓድሽ ሕጊ ንምርቃቕ ወጠኖም ከምዘለዉ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር፡ እቲ ብኣባላት ተቓወምቲ ሰልፈታት ተበጊሱ ዘሎ እማመ፡ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብቲ ባይቶ ቀሪቡ ክትዐ ክኽየደሉ እዩ።

ዝበዝሑ ኣባላት ባይቶ ደ/ኮርያ፡ ኣብቲ እማመ ተቓውሞ ስለዘይብሎም ድማ፡ ብዕብለሊ ድምጺ ክጸድቕ ትጸቢት ከምዘሎ እተን ማዕከናት ዜና ይሕብራ።

ኣብ ደቡብ ኮርያ፡ ስጋ ከልቢ ናይ ምምጋብ ልምዲ ዘመናት ዘቑጸረ'ኳ እንተኾነ፡ ብወግዒ ግን 'ፍቑድ' ወይ 'ክልኩል' ተባሂሉ ኣይፈልጥን እዩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብታ ሃገር ኣስታት 10 ሚልዮን ዝግመታ ስድራቤታት፡ ኣኽላባት ይውንኑ።

ዓመታዊ ድማ፡ ካብ 700 ሽሕ ክሳብ ሚልዮን ዝኣኽሉ ኣኽላባት ይሕረዱ።

እንተኾነ፡ እዚ ቁጽሪ'ዚ ምስቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ክነጻጸር እንከሎ፡ ኣዝዩ ጉዱሉ ከምዝኾነ ሰብ-መዚ'ታ ሃገር ይገልጹ።

መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ተመሳሳሊ ሕጊ ንምትእትታው ዘቕረቦ ፈተነ፡ ብሸነኺ ተቓወምቲ ኣፍረይቲ ኣኽላባትን ወሃንቲ ኣብያተ-መግቢን ክሰምር ከምዘይከኣለ እዩ ዝፍለጥ።



## ፕረዚደንት ኤርዶጋን፡ ኣብ ቱርኪ ፋብሪካ መካይን ክኸፍት ንኤሎን መስክ ሓቲቱዎ

ፕረዚደንት ቱርኪ ጣይፕ ረሲፕ ኤርዶጋን፡ ወናኒ ኩባንያ መፍረ-መካይን (ቴስላ) ዝኾነ ኤሎን ማስክ፡ ኣብ ሃገሩ ተመሳሳሊ ፋብሪካ ክኸፍት ሕቶ ከምዘቕረበሉ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ገሊጸን።

ኤርዶጋን ነቲ ሕቶ ዘቕረበ፡ ምስቲ ፍሉጥ ኣመሪካዊ - ካናዳዊ - ደ/ኣፍሪቃዊ ብዕል ሃብቲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ (ኣብ ጥቓ ዋና ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝርከብ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ) ኣብ ዝተራኸብሉ እዋን እዩ።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን ኣብ ኣኼባ መበል 78 ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ንምስታፍ እዩ ኒውዮርክ ኣትዩ ዘሎ።

ኩባንያ ቴስላ ይኹን ኣብ ዋሺንግቶን ዝመደበሩ ኤምባሲ ቱርኪ፡ ብዛዕባ'ዚ ብማዕከናት ዜና ቱርኪ ከይተረፈ ዝጋዋሕ ዘሎ ሓበሬታ ኣመልኪቶም ዝሃብዎ ዝኾነ ርእይቶ የለን።

እንተላይ ወናኒ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢ ኤክስ (ትዊተር) ምዃኑ ዝንገረሉ ኤሎን ማስክ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ነታንያሁ እውን ሎሚ ኣብ ካሊፎርኒያ ክራኸብ መደብ ሒዙ ከምዘሎ ሓቢሩ ኣሎ።

ዛዕባ ርክቦም፡ ኣብ ቴክኖሎጂ ስርሰራሓ ብልሒ (AI) ክዝትሩ ምዃኑ ድማ፡ ማስክ ኣብ ማሕበራዊ መራኸብኡ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ብኣማኢት በልዮን ዶላር ዝቕመን ዕዳጋ ከምዘለዎ ዝንገረሉ ኩባንያ ቴስላ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኑሓሰ'ውን ኣብ ህንዲ ብኤሌክትሪክ ዝንቀሳቐሳ ሕሱራት ተሸከርከርቲ ዘፍሪ ፋብሪካ ንምትካል ድሌት ከምዘለዎ ገሊጹ ነይሩ።

ኣብዚ እዋን ሽዱሽተ ፋብሪካታት መካይን ዘለዋ ቴስላ፡ ሻብዓይ ፋብሪካ መካይን ኣብ መክሲኮ ይሃንጽ ከምዘሎ ይንገረሉ።

መጠን ብርኪታቱ ኣብዚ ዓመት'ዚ ናይ 123 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘርኣየ ዝገልጽ እቲ ኩባንያ፡ ዝሓለፈ ቀዳም መበል 5 ሚልዮን ተሽከርካሪት ከምዘፍረየ ሓቢሩ።



## ኮንጎ፡ "ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ኣይተኻየደን" ትብል

መንግስቲ ረፓብሊክ ኮንጎ፡ "ሰራዊት ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ደኒስ ሳሶው ንገዌሶ ወተሃደራዊ ፈተነ ዕልዋ ኣካይዱ" ንዝብል ሓበሬታ ኣሉታዊ መልሲ ሂቡሉ።

እቲ መንግስቲ ነዚ ኣመልኪቱ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ኣብ ብራዛቪል ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ከምእተኻየደ ዘመልክት ኣዝዩ ውጡርን ሓደገኛን ኩነታት ከምዘሎ ኣምሲለን ገለ መርበባት ሓበሬታ ግጉይ ሓበሬታ የናፍሳ ኣለዋ። እዚ ግን ኣብ ባይታ ፈጺሙ ዘየለ ዝተፈብረኸ ሓበሬታ'ዩ። ኣብ ሃገርና ዝኾነ ዝተፈጥረ ሓድሽ ኩነታት ከምዘየለ እናኣረጋገጽና፡ ህዝቢ ከይተሰከፈ ዕለታዊ ንጥፈታቱ ክቕጽል ንጽውዕ" ክብል ሓቢሩ።



ኣብታ ሃገር ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ ከምእተኻየደ ዘመልክት ወረ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክናፈስ ዝጀመረ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንግሆ እዩ።

እተን መርበባት ሓበሬታ፡ ፕረዚደንት ንገዌሶ ኣብ ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ንምስታፍ ናብ ኒውዮርክ ድሕሪ ምግሹ፡ ወተሃደራውያን ሓይልታት ረፓብሊክ ኮንጎ ናብ ብራዛቪል - ርእሰ-ከተማ'ታ ሃገር ብምግስጋስ፡ ኣብታ ከተማ ንዝርከባ ኣገደስቲ መሳለጥያታትን መሓውራት መንግስቲን ክቈጻጸሩዎ ከምዝጀመሩ እየን ኣጋዊሐን ነይረን።

ወዲ 79 ዓመት ንገዌሶ፡ ኣብ 1979 እዩ በትረ-ስልጣን ጨቢጡ። ክሳብ 1992 ነታ ሃገር ድሕሪ ምምራሕ ከኣ፡ ብምኽንያት ኩናት ሓድሕድ ካብ ስልጣን በኺሩ ድሕሪ ምጽናሕ እንደገና ኣብ 1997 ናብ ኮረሻ ስልጣን ከምእተመልሰ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣብታ ጐረቤት ረፓብሊክ ኮንጎ ዝኾነት ጋቦን ብዝተኻየደ ዕልዋ መንግስቲ፡ ፕረዚደንት እታ ሃገር ዓሊ ቦንጎ ካብ ስልጣኑ ከምእተኣልየ ይዝከር።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሺያ ጅዳ | 19/09/2023 | ጎደና ሰጋለት ቀጣን ቁ.6፡ (ሺያ ጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565